ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

St. Eritrean Orthodox Tewahdo
Medhanie Alem Kerk
Amstelveen-Amstelland Holland.

24 ሕዳር 2016 ግዕዝ
4 December 2023
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2016-436

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ንምርጫ ሰበኻ ጉባኤ ዝግበር ዕድመ፡

ናብ ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፡

ብመጀመርታ ናብ'ዚ ዘብጸሓና ልዑል ባሕርይ ኣምላኽና ዝኸበረን ዝተመስገነን ይኹን። ብምቕጻል ከኣ ንኩልኹም ኣባላት እዛ ቅድስቲ ቤተክርስትያን ደ/ሰላም መ/ዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ ምዉቕ ሰላምታና ድሕሪ ምቕራብ፡ ኣብ ህይወትኩም ኩሉ ሰላምን ጥዕናናን ኣብ ሥራሓትኩም ከኣ ጽቡቕ ግስጋሰ ንምነየልኩም። ኣስዒብና'ውን እዚ ዝስዕብ ኣገዳሲ መልእኽቲ ንልእከልኩም ኣሎና፥

ኣብ ዝሓለፈ 7 ዓመታት ኣብ ዝተኻየደ ናይ ኣገልግሎት ዘመኑ ሰበኻ ጉባኤ፡ ዝተፈላለየ ፈተነታት የጓንፎ እምበር፡ ብሳላ መ/ዓለም ኣብ'ዚ በጺሑስ፡ ብናቱ ፍቓድ ከኣ ኣብ'ቲ ተፈጸም ዝበሎ ክፍጸም ግድነት ስለ ዝኾነ፡ እነሆ ምርጫ ሰበኻ ጉባኤ ኣብ ዕለት 10-12-2023 ዓምፈ (30 ታሕሳስ 2016 ግዕዝ) ንኽግበር ተመዲቡ ኣሎ። እቶም ብዘይምቍራጽ ወለንታዊ ኣባልነትኩም ኣጽኒዕኩም ግቡእኩም እትፍጽሙ፡ ኣብ'ቲ ምርጫ ተሳቲፍኩም ነዚ ዘሎ ህልዊ ሰበኻ ጉባኤ ተኪኡ፡ ንዝመጽእ 3 ዓመታት ሓዲስ ሰበኻ ጉባኤ ክትመርጹ፡ ተሳተፍቲ ክትኮኑ ብኽብሪ ንዕድመኩም ኣሎና። እዚ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ስለዝኾነ ብብዝሒ ክንሳተፍ ብኽብሪ ነተሓሳስብ።

ነቲ ምርጫ ካብ ዘድልዩ ኣገደስቲ ነገራት እዞም ዝስዕቡ ሒዝኩም ክትመጹ ብኽብሪ ንሓተኩምን ነገንዝበኩምን፥

1- ነፍሲ-ወከፍ ብቑዕ ዝኾነ ናይ ሃገር ነዘርላንድ ፓስፖርት ወይ መለለዪ ወረቐት (pasport of Id-kaart) ክማላእ ይግባእ፣
2- ቦታ ምርጫ፥ Amstelveenseweg 965, 1081 JG Amsterdam፣
3- ናይ ምርጫ መደብ ካብ ሰዓት 13:00 ክሳብ 18:00፣

## መተሓሳሰቢ፥

ሀ- ኣኼባና ኣብ'ቲ ዝጠቕሰ ጊዜ ክንጅምር ስለ ዝኾንና፡ ኩሉ-ሓደ ብጊዜኡ ክርከብ ንሓትት፣
ለ- ምናልባት ሓዲሽ ሓበሬታ ምስ እነመሓላልፍ፡ ኢመይልኩም ብግቡእ (ካብ ሰዓት ናብ ሰዓት) ክትከታተሉ ብኽብሪ ንሓትት፣
ሐ- እዚ ደብዳበ ብኢመይል ክበጽሓካ/ኪ ይኽእል ኢዩ። ግን ምናልባት ካብ ኣባልነት ዝወጻእካ ወይ ወለንታዊ ኣበርክቶኻ ዘቋረጽካ/ኪ ምስ እትኸውን፡ ኣብ ቦታ ምርጫ ክእቶ እንከሎ ብምክትታል፡ ነቲ <u>ግቡእን መሰልን</u> ዝብል ሕጊን መምርሒን ቤተክርስትያን ተጠቒምና ዝጻረ ምኽኑ ኣቐዲምና ከነፍልጥ ንደሊ.

ብደሓን ምጽኡ።

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን።



*ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም / Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem* Email: debreselammedhaniealem@gmail.com; Website: www.debreselam-medhaniealem.com
Amstelveenseweg-965, 1081JG Amsterdam Nederland